# ፬ይ ሰንበት ዘክረምት ዘጊሜ/ዘደመና

## ሓምለ 12 2018ዓ.ም. (07/19/2026)

**ዓላማ ሕርየተይ ንድለት አምላኽን ምፍጻም እዩ!**

**መዝሙር፡** ክርስቶስ ንጉሥ እዩ መሓሪ እዩ፥ ንዘራኢ ዘርኢ ይህቦ ንእኽሊ ንመግቢ የብቅዖ፥ ንመስኪን ካብ ምድሪ የተንሥኦ፥ ንሥልጣኑ ሓደኳ አይምንዝዖን፥ ንጻድቃኑ ታሕጓስ ይእዝዘሎም፥ ሰንበት ንዕረፍት ሰርዐ፥ ገባር ሕይወት አብ ዓዓመት ክረምቲ ዝኸፍት እዩ።

**ንባባት፡** 2ቆሮ 1፡18 ያዕ 3፡1-8፥ ግ.ሓ. 28፡17-31፥ ማር 6፡7-13።

**ምስባክ፡** ሐወጽካ ለምድር ወአርወይካ፥ ወአብዛህካ ለብዕላ፥ ፈለገ እግዚአብሔር ምሉዕ ማያት። ንምድሪ በጻሕካያን አርወኻያን፥ ሃብታ ኸአ አብዛሕካዮ፥ ፈለግ እግዚአብሔር ማይ ዝመልአ እዩ መዝ. 65፡9።

ዘሎናዮ እዋን አብ ዓድና እዋን ክረምቲ እዩ ምድረ ሰማይ ብግመን ፊግፊታን ጸልሚቱ ኅቦታት ብግመ ተሸፊኑ ሰማይ ብጸሊም ደበና ተኸዲኑ ዝርአየሉ እዋን እዩ። ነዚ አብ ግምት አእትዩ ሉጡርግያና ነዚ ሰንበት ሰንበት ዘጊሜ ይሰምዮ። ክረምቲ ብፍላይ አብ ሃገረሰብ አብ ተስፋ ዘሳግር ኮይኑ እምበር ከቢድ እዩ። አብ መንፈሳዊ ሕይወትና ክነዛምዶ ከሎና እውን ካብ አምላኽ ከይተፈለና አብኡ ምሉእ እምነት ገርና ብተስፋ እንጉዓዘሉ እዋን እዩ።

ናይ ሎሚ ንባባትና እንተ ረአና አብ ሓደ ዘተኮሩ እዮም ንሱ ኸአ መጸዋዕታ ወይ ሕርየት አምላኽ እዚ ኸአ ነቲ ሓዋርያዊ ተልእኮ ቤተ ክርስትያንን ንናይ ነፍስወከፍና ልኡኻቱ ክንከውን ዝተሓረናሉ ዘመልክት እዩ። ሕርየትና ብዕድል ወይ ብአጋጣሚ ዝኾነ ነገር አይኮነን። አምላኽ ድላዩ ኮይኑ ንፍሉይ ዓላማን ተልእኮን ዝመረጸና ኢና። ቤተ ክርስትያን ነዚ መሰረት ገራ አብ ውሽጢ ሕልናና አቲና ፍሉይ ሕቶታት ንርእስና ክንሓትት እሞ መልሲ ክንህብ ትደልየና። እንታይ እዩ ዓላማ አምላኽ ንአይ ልኡኹ ክኸውን ዝሓረየኒ? ነቲ ዝተሓረኽዎ ዓላማኽ ብግቡእዶ እፍጽሞ አሎኹ?

አብ ብሉይ ኪዳን አምላኽ ንፍሉይ ዓላማ ንሰባት አብቲ ንሱ ዝደልዮ ክዓዩ ከምዝሓሪ ብንጹር ንረክብ። አብርሃም ካብ ዓደብኡ ክወጽእ አብቲ ንሱ ዝህቦ ዓዲ ክኸይድ ከምዝነገሮ ንረክብ። ሙሴ ጓሳ ኮይኑ አብ እምባ ሆሬብ እንከሎ አብ ግብጺ ከይዱ ንህዝቡ ካብ ባርነት ከውጽኦም ክልአኮ ነጊርዎ። ንዳዊት ንጉሥ ካብ ኩሎም አሕዋቱ ዝንአሰ ከንሱ ንጉሥ ክኸውን መሪጽዎ። ሳሙኤል፥ ኤርምያስ፥ ከምኡ ካልኦት ነብያት ኩሎም አምላኽ ንፍሉይ ነገር ክገብሩ ሓርዩ ልኢኽዎም። አብ ነብይ ሆሴዕ 7፡12-15 ዘሎ እንተ አንበብና አምላኽ ንሆሴዕ ድኻ ሓረስታይ ካብ ደቢባዊ መንግስቲ ይሁዳ ንሰሜን አብ መንግስቲ እስራኤል (ኤፍራይም፥እስራኤል፥ ሰማርያ ዝብል አስማት እውን ይውሃቦ እዩ) ከይዱ አብ መገዲ አምላኽ ክምለሱ ክነግሮም ሓርይዎም። በቲ እዋን መንግስቲ እስራኤል አብ ክልተ ተመቒሎ ነሩ ሰሜናዊ እስራኤል፥ ደቡባዊ መንግስቲ እስራኤል ተባሂሎ ተኸፊሎ ነሩ። ሆሴዕ ማንም ሓረስታይ እዩ ነሩ አምላኽ ግን ሓርይዎ ነቶም አብ ሰሜን ዝነበሩ ነብያት በቲ እዋን አይሓረዮምን ንሆሴዕ ግን አብ ሰሜን ከይዱ አብ አምላኽ ክምለሱ ክነግሮም ልኢኽዎ።

አብ ሓዲስ ኪዳን ማርያም አደ አምላኽ ክትከውን ብአምላኽ ተሓርያ፥ 12 ሓዋርያት አብ ሰስርሖምን መነባብርኦምን እንከለዉ ኢየሱስ ስዓቡኒ ገፈፍቲ ሰብ አብጻሕቲ ብስራተ ወንጌለ መንግስቲ ኽገብረኩም እየ እናበለ ሓርይዎም። ንጳውሎስ አብ መገዲ ደማስቆስ ብድንገት

ሓርይዎ ን፟ጟተ ዲያቆናት ብሓዋርያቱ መንፈሱ አውሪዱ ሓርይዎም። ነዚ መሰረት ገርና እምብአር አምላኽ ንነፍስወከፍና ከም ዝሓረየና ንርኢ። ሕሩያት ፍጥረት መዓይይቲ አምላኽ ክንከውን ዝተሓረና ኢና።

## ሕርየትና ንድላይ አምላኽ ክነብጽሕ ክነግር እዩ።

አምላኽ ክሓርየና እንከሎ አብ ዓቕምና አብ ፍልጠትና ተመስሪቱ ዘይኮነ ባዕሉ ብመገዱ ከም ዝመርጽ ንርኢ። ንሱ ዝደልዮ ንዳልዩ ጽን ኢሉ ዘብጽሕ ዝነግር እዩ። ንሕና ብጥምቀት ልኡኻት አምላኽ ክንከውን መብጽዓ አቲና። ክርስትያን ማለት ንድላይ አምላኽ ዝልአኽ ዘብጽሕ ማለት እዩ። ሕርየትና እምብአር መጀመርያ ቅዱሳን ክንከውን ድሕሪኡ በቲ አምላኽ ዝሓረየና ሰበኽቲ ወንጌልን መስከርትን ክንከውን እዩ። ከም ሰባኺ አብ አምላኽ ዝመለስክዎም ሰባት አለዉዶ ኢልና ንርእስና ክንሓትት ጽቡቕ አጋጣሚ እዩ። መልእኽቲ መን እየ ዘብጽሕ ዘሎኹ ክንብል ይግባእ።

አብ መንልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ኤፈሶን፥ አምላኽ ብኢየሱስ ገሩ ከምዝሓረየና ጥራሕ አይኮነን ዝዛረብ። አምላኽ ስለምንታይ ከምዝሓረየና ይነግርን የዘኻኽርን አብ ቅድሚኡ ቅዱሳንን መንቅብ ዘይብሎምን ምእንቲ ክንከውን ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ኃረየና (ኤፈ 1፡ 4)። ብኻልእ አዘራርባ ዓላማ ተፈጥሮናን ድላይ አምላኽን ምኽንያት ሕርየትና እዚ እዩ። ዝኾነ ኮይኑ ከምቲ ሓደ ንገዛእ ርእሱ ጥራሕ ዘይነብር ካልአይ ምኽንያት ስለምንታይ አምላኽ ከም ዝሓረየና ክንርኢ ከሎና ንኻልኦት አብ አምላኽ ክምለሱ ወይ ክፈልጡ ክንልአኽ እዩ። እዚ ኸአ ተልእካዊ መንፈስ ክነዕቢ ንማለት እዩ። እዚ ክልተ ምኽንያት ሕርየትና ብሓደ እንተ ገበርናዮም አብቲ መወዳእታ ምኽንያት ተፈጥሮ ዕላማናን አብቲ አምላኽ ዝደልዮ ክንበጽሕ ንኽእል።

ናይ ሎሚ ወንጌል ነታ ካልአይቲ ምኽንያት ሕርየትና ብዝያዳ የተኩር። ክርስቶስ ነቶም ዝሓረዮም ነቲ ዓላማ አምላኽ ዝሓረዮም አብ ሕይወቶም ብዝያዳ ክርድኡ ኢሉ ንሰለተ ዓመት አስተምሂርዎም። አብ መወዳእታ ነቲ ቀዳማይ ዓላማን ድላይ አምላኽን ከብጽሑ ልኢኽዎም። ተልእክኦም ከአ አብ ማሕበረ ሰብን አብ ዓለምን እዩ። እዚ መጀመርያ ንርእሶም ዝአተውዎ ድሓር ንሳቶም ንኻልኦት አብኡ ከም ዘእትዉ ገርዎም፥ እዚ እዩ አብ ክርስቶስ ምዕባይ ማለት። ሕይወትካ ብምልኡ ናይ ክርስቶስ ገርካ ንአኻ ዝረአየ ንክርስቶስ ከም ዝርአየ ምግባር። አብ ሕይወትና ንቅድስና ክንለብስ ክንጽዕር ነዚ እናገበርና ንካልኦት እውን አብ አምላኽ ተመሊሶም ቅድስናን ሓቅን ክለብሱ ምሕጋዝ። ነዚ ዝገብር ሓዋርያ ሰባኺ መስካሪ ክንብሎ ንኽእል። ነዚ ቅዱስ ተልእኮ ግብራዊ ክንገብሮን ክንፍጽሞን ንአይ ይጥዓመኒ እንብል ክንከውን የብልናን ፍቕሪ ደፊኡና ንኻልኦት ከማና ዝበሉ ሰባት ካብቲ ዘለውዎ አብ አምላኽ ከምዝምለሱ ምግባር እዩ። ከም ጻጸ ምግቢ የናዲ እሞ ምስ ረኸባ አብ አሕዋቱ አምጺኡ ዝካፈላ ንሕና እውን ንዘሎና ምስ አሕዋትና ተኻፊልና ክንክእል አሎና።

አብ መወዳእታ እንርእዮ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ነቲ ዝሃቦም መልእኽቲ እናአብጽሑ እንከለዉ አብ መንጎ ከይደናገሩ ወይ እውን ብዝኾነ ምኽንያት ከየብጽሕዎ ከይተረፉ ኢሉ መምርሒታት ሂብዎም። ንሱ አብ ከመይ ዝበለ ዓለም ይልእኮም ከምዘሎ ማለት ምቾት ጣዕሚ ዝተፈላለየ ፈተና ዘለዎ እሞ ትርጉም ተልእክኦም ጠሊሞም አብ ካልእ ከይዝንብሉ ኢሉ መምርሒ ሂብዎም። ለቢስካዮ ዘሎኻ ሕይወት ዋንኡ አምላኽ ከምዝኾነ ተረዲእካ ከምቲ አምላኽ ዝደልዮ ገርካ ክትጉዓዝ ይግባእ። ተልእኮ ክርስቶስ ክዕወት እዚ ንአይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ዝብል ዓለምና አብ ሃብትን ምቾትን ጥሒሉ አብ ፍትወትን ድለትን ሥጋን ጥራሕ ዘንቢሉ ዘሎ ዓለም ክንዝንግዖ የብልናን። ንዝኾነ ካብ ድላይ አምላኽ ከይንፍጽም ዝዓግተና ሓይሊ ሰጋእ ክንብል የብልና።

ኣብ መምርሒ ክርስቶስ እንተ ጸኒዕና ብእኡ እንተ ተመሪሕና ንድላይን ዓላማን ኣምላኽ ክንስሕቶ ኣይንኽእልን ኢና። ግን ንእኡ ሓዲግና ነቲ ብቐሊል ካብ ጉዕዞና ዘዘናብለና እንተ ኣተኮርና ጠፊእና ኢና። ዘሕዝን ብዙሓት ካባና ለቢስናዮ ዘሎና እንታይነቱ ብዘየገድስ ኣብ ተልእኮና ኣተኩርና ምጥማት እንጉዓዞ ዘሎና ሕይወት ንመን እዩ ዝስዕብ ዘሎ ክንፈልጥ ዝዘንጋዕና እዩ ዝመስል። ነቲ ክርስቶስ ዝሃበና መምርሕን ተልእኮናን ምእዛዝ ኣቢና ባዕልና ዝመሃዝናዮ ድለትን ዓላማን ኢና ንፍጽም ዘሎና። ነቲ ከም ክርስትያን ክንክተሎን ክንስዕቦን ዝግብኣና ሓዲግና እንኽዶ ዘሎና ጠፊኡና ዓላማ ምኽንያት ተፈጥሮና ዘንጊዕና ዓለምና ብሰንኪ ግጉይ መገዲ ብምሓዝና ትሕመስ ኣላ።

ኣብ ሕይወትና ኣቲና ከመይ እጉዓዝ ኣሎኹ ምስ መን እጉዓዝ ኣሎኹ ኢልና ክንሓስብ ሎሚ ንሕተት ኣሎና። ፀሓይ በሪቓ እትዓርበና ሓንቲ ፍረ ከይገበርና ኣብ ክፍኣተ ግብሪ ጥሒልና ልኡኻት ጸልማት ኮና ንብዙሓት ካብቲ ክኸድዎ ዝግብኦም መንገዲ ኣውጺእና ኣብ ግጉይን ንጥፍኣት ዝመርሕ ኣእቲና እንጉዓዝ ውሑዳት ኣይ ኮናን። ኣብ ልብና እሞ ምልስ ንበል ሽዑ ኣምላኽ ተመለሰኒ እናበለ ክጽውዓና ነታ ንጥፍኣት ዝወሰደትና መገዲ ካብኣ መሊሱ ኣብኡ ክመልሰና እዩ። ሓንትስ ንርእስና ርኢና ንኽእል እንበር ክፍኣትናስ ባዕሉ ዝዛረብ መስክሩለይ ዘየድልዮ ንጥፍኣት ናተይ ኢሉ ሒዙ ዘሎ እዩ። ዓለምና ዝነብሮ ዘሎ ንርኢ ኣሎና ንሕጊ ኣምላኽ ብሕጊ ሰብ ክንትክእ ነቲ ኣምላኽ ካብ መጀመርያ ዝሃበና ትእዛዝ ጠሊምና ከም ቀዳሞት ወለድና ካብ ኣምላኽ ወጺእና ኢና ዘሎና። ሎሚ ዝርእያ ኣዒንቲ ውሒደን ንሓቂ ዝዛረብ መልሓስ ተሳኢኑ ብኣንጻሩ ንሓቂ ንጽድቂ ዝሓዘ ዝፈርሓሉን ዝስከፈሉን እዋን ኢና ዘሎና። ሰይጣን ዝተዓወተሉ ብጅግና ተፈሊጡ ሰብ ልቡ ፍርሒ ዘሚትዎ ዝብሎን ዝገብሮን ጠፊእዎ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ልብና ተመሊስና ኣምላኽ ዝሓረየኒ ንፍሉይ ዓላማ ድላዩ ክገብር ዝተሓረኹ እየ ኢልና ንድላይ ኣምላኽ ክንገብር ቍርጺ ፍቓድና ንሓድስ።

ሓደ ካብቲ መጋበሪ ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ከም ሕሩያት ኣምላኽ ክንከውን ዝገብረና ክንሳሕ ከሎና እዩ። ምንሳሕ ማለት ኣእምሮኻ ምቕያር እሞ ድሕሪኡ ንኣእምሮኻ ምስቲ ዘምጸእካዮ ለውጢ ምውህሃድ እዩ። እዚ ሓዲስ ሰብ ይገብረካ። ምንሳሕ ክንብል እንከሎና ካብ ምስራቕ ካብ ምቅታል ካብ ዝሙት ካብቶም ዓበይቲ ንነፍስና ዝቐትሉ ዓበይቲ ኃጢኣት ዘይምግባር ጥራሕ ማለት ኣይኮነን። ምናልባት ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኃጢኣታት ክትንሳሕ ቀሊል እዩ። እቲ ቀንዲ ክትልውጦ ዘድሊ ንሕይወትካ ካብ ንእይ ይጥዓመኒ፥ ክግበረልካ ጥራሕ ምድላይ፥ ናይ ካልእ ዘይግድሰካ ምዃን ኣብ ርእስኻ ጥራሕ ምትኳር ነዝን ካልእን ምልዋጥ እዩ። ምንሳሕ ወይ ምቕያር ክብሃል እንከሎ እምብኣር ካብ ኣብ ርእስኻ ጥራሕ ዘተኮረ ሕይወት ኣብ ኣምላኽ ዘተኮረ ሕይወት ምቕያር እዩ።

ክትንሳሓ እንከሎኻ ምስኡ ዝኸይድ ዘይተርፍ ነገራት ክትገብሮ ግድን ዝኾነ ነገራት ኣሎ። ምስ ኣምላኽ ክትነብር ትመርጽ እንተ ኾንካ ኣባኻ ጠቢቑ ካብ ኣምላኽ ፈልዩካ ዘሎ ነገር ክትስዕሮ ክትልውጦ ኣብ ገለ እዋን ስቓይ ይፈጥረልካ እዩ። ብዙሕ ጊዜ ዘጸግመና ክነሰማምዕ ንፍትን እዚ ግን ምጥባር እዩ ምሉእ ምሕዳስ ከአ ኣየምጽኣልናን እዩ። ክንሳሕ ከሎና ኣብ ሓዲስ ሕይወት ካብቲ ዝነበርካዮ ምእታው እዩ። ንዝኣረገ ሕማቕ ልምድና ሓዲገዮ ክብል ካብ ምፍጻሙ ጥራሕ ደው ምባል እኹል ኣይኮነን ሓዲስ መገዲ ክንፈጥር ኣሎና ነቲ ኣረጊት ተኪኡ ኣብ ሓዲስ ዕማም ዝወስደና መገዲ ክንኣቱ ኣሎና። ኣብቲ ዝኣቶናዮ ሓዲስ ሕይወት ኵሉ ዝክኣለና ሓይልና ዓቕምና ክነጥፍኣሉ ኣሎና።

ዝተሓደሰ ዝተነስሐ ሕይወት ክንለብስ፥ ብዳግም መልእኽቲ ኣምላኽ ክነብጽሕ ክንወፍር እንከሎ ዝያዳ ጸጋን በረኸትን ንረክብ ሽዑ ከም ሓዋርያ ጳውሎስ ኣሳዳዲ ዝነበረ ሰባኺ

ይኸውን። ከም ልኡኻት ኣምላኽ መጠን ኵሉ ጊዜ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ዝበሎ ክንዝክር ይግባእ፥ንኣኻትኩም ዝቕበል ንኣይ ይቕበል እቲ ንኣይ ዝቕበል ድማ ነቲ ዝለኣኸኒ ይቕበሎ (ማቴ 10፡40)። ሎም ንሕና ኢና ልኡኻት ኣምላኽ ክንከውን በብዘሎና ሕይወት ዝተሓረና እሞ ኣብጻሕቲ መልእኽቲ ኣምላኽ ኮና ሰላም ፍቕሪ መለለይና ገርና መልእኽትና ነብጽሕ።

ነፍስወከፍና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍሉያት ፍጥረት ኢና። ኣምላኽ ዝመደቦን ዝሃቦን ዓላማ ዝለበስና ኢና። ነፍስወከፍና ኣብ እግሪ ሓዋርያት እንስዕብ ፍሉያትን ሕሩያትን ኣምላኽ ምስኦም ኮና መልእኽቲ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ክነብጽሕ ሕራይ ዝበልና ሰባት ኢና። ስለዚ ኣብ ተልእኮ ክርስቶስ ሱታፌ ኣሎና። ነሕዋትና ንዝኾነ ሰብ ሰናይ ዜና ክነብጽሕ ነቶም ኵሉ ጽቡቕ ዜና ጠፊእዎም ዘሎ ነዚ ሰናይ እነብስር ኢና። እሞ ሎሚ ነዚ ክነበስር ንበገስ ኣምላኽ ከኣ ብጸግኡ ኣሰንዩ ናቱ ይግበረና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ